12-05-2002 ዓ/ም

# መግለፂ መልእኽቲ ሓዘን

ስውእ ተጋዳላይ ኣርቲስት ኢያሱ በርሀ ማሕበርና ማሕበር ልምዓት ትግራይ ካብ ትምስረት ጀሚሩ ብርቱዕ ደጋፊኣ ብምኻን እግሪ ክትተክልን ክትድልድልን ዘይተቖጠበ ሙይኡ ዘበርከተ ኣጋር ልምዓትና እዩ ኔሩ።

ከምቲ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ንባህሊ ወያነና ኣስተዋፅኦ እናገበረት ምምፅኣ፤ ኣባል ባህሊ ውድብና ውድብ ህወሓት ዝነበረ ተጋዳላይ ኣርቲስት ኢያሱ በርሀ ድማ ንማሕበሩ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ብኪነ ጥበቡ ዘሚሩላን ለፊዑላን'ዩ።

ኣቦ መንበር ቦርድ ማ.ል.ት ዝነበሩ ነፍስሄር ኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን ብሃንደበት ኣብ ዝዓረፉሉ እዋን ብርዑ ምስ ወረቐት ብምውዳድ ዝገጥሞም ዝነበረ ሙቁራት ግጥምታቱ ኩልሻዕ ዝዝከሩ 'ዬም።

ኣርቲስት ኢያሱ በርሀ ማ.ል.ት ምስ መንግስቲ ተዋዲዳ ትግራይ ንምልማዕ ኣብተካይዶም ዝተፈላለዩ መድረኻት ልምዓት እንትዕደም ኣብ ዝነበረ ይንበር ደኺመ ከይበለ ንፃውዒታ ክብሪ ሂቡ ብምምፃእ ክእለቱ ፀንቂቑ ዝውፈ ተባዕ ኣጋር ልምዓትና 'ዩ ኔሩ።

ኣርቲስት ኢያሱ! ማሕበር ልምዓት ኣብተዳልዎም መድረኻት ልምዓት ክሳብ ብደረጃ ወረዳ ወሪዱ ህዝቢ ብምልዕዓል ዜግነታዊ ግድነቱ ዝፈፀመ ተባዕ ሓጋዚ ልምዓት ትግራይ'ዩ ኔሩ።

ብፍላይ ማ.ል.ት ዓሚ ወርሒ መስከረም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሸራተን ሆቴል ካብ ዳስ ናብ ክላስ ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ኣካይዳቶ ዝነበረት ድሙቕን ሓድነት ህዝብታት ኢትዬጵያ ዘመስከረን ቴሌቶን ተረኺቡ ምንም ከይተኸፈሎ ልዑል መድረኽ መራሕነቱ ዘርኣየሉን ቴሌቶን ማልት ልዕሊ ትልሙ ክዕወት መዳርግቲ ዘይርከቦ ሙይኡ ኣወፍ'ዩ እዩ።

ኩሉ መዳይ ኣበርክትኡ ተደማሚሩ ህዚ ድማ ኣብ መድረኽ ልምዓት ምስውኡ ንማልት መሪርን ሃንደበታዊን ሓዘን ኮይኑዋ'ሎ።

ሎሚ ኣብ ከተማ ኣ.ኣ ኣብ ዝካየድ ስነስርዓት ቀብሪ ኣርቲስት ኢያሱ በርሀ ኹላትና ኣባላትን ስራሕተኛታትን ማ.ል.ት ክንርከብ ድሌትና 'ኳ እንተነበረ ብምኽንያት ራሕቒ ቦታ ክንርከብ ብዘይምኽኣልና ንኩላትና ብምውካል ዋና ፈፃሚ ዳይሬክተር ዓለምለኸ ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ት ኣምባሳደር ተወልደ ገብሩ ከምዝርከቡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንሕብር።

ኣብ መወዳእታ ብሃንደበታዊ ሞት ተጋዳላይ ኣርቲስት ኢያሱ ማ.ል.ት ዝተስመዓ ዓሚቕን መሪርን ሓዘን ብስም ኩሎም ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝርከቡ ውዳበታት ማልት ኣባላት ደገፍትን ሰራሕተኛታትን ብምግላፅ ንኹሎም ስድራ፣ ፈተውትን ኣድነቕቱን ፅንዓት ክህቦም ትምነ። ማ.ል.ት ንዘልኣለም እናዘከረቶ ክትነብር ኢያ።

**ማሕበር ልምዓት ትግራይ!**